**Seattle Office of Labor Standards**

## ኣብ መተግበሪ ዝተመርኮሰ ሰራሕተኛ ትእዛዝ ምእላይ መሰላት ናይ ቪዲዮ ስክሪፕት

### ኣብ መተግበሪ-ዝተመርኮሱ ሰራሕተኛታት መሰላት ኣለዎም!

ኣብ ሲያትል ንምስራሕ ናይ ቴሌፎን ወይ ናይ ኮምፒተር መተግበሪ ትጥቀሙ ዲኹም? ብናይ ሲያትል ኣብ መትግበሪ ዝተመርኮሰ ሰራሕተኛ ሕግታት ስራሕ ክትሕለዉ ትኽእሉ ኢኹም።

ሲያትል ንኣብ መተግበሪ ዝተመርኮሱ ሰራሕተኛታት ዘውሕሱ ሰለስተ ሕግታት ኣለዋ። እዞም ሕግታት ንመብዛሕትኦም መተግበሪታት ይምልከቱ እንተኾነ ግን ንኹሎም መተግበሪታት ኣይምልከቱን። እዞም ሕግታት ንስራሕኩም ዝሸፍኑ ድዮም ኣይሸፍኑን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ: **seattle.gov/app-based-worker-ordinances**

ቀዳማይ፣ እቲ ሕጊ ናይ ኣብ መተግበሪ ዝተመርኮሰ ሰራሕተኛ ዝተሓተ ክፍሊት ነቲ ናይ ወናኒ መተግበሪ ኩባንያ ንነፍሲ ወከፍ እተቐርብዎን ወይ እትገብርዎ ኣገልግሎት ገለ ክፋል ናይቲ ስራሕ ኣብ ውሽጢ ደረት ከተማ ሲያትል ዝካየድ እንተኾይኑ ዝተሓተ ክፍሊት ክኸፍለኩም ይጠልብ። እቲ ዝተሓተ ክፍሊት ዝበሃል ኣብ ስራሕ እተሕልፎ ግዜን ነቲ ስራሕ ንምዝዛም እትጐዓዞ ማይልን የጠቓልል።

ካልኣይ፣ ሕጊ ናይ ኣብ መተግበሪ ዝተመርኮሰ ሰራሕተኛ ንሕማም ዝኸፈልን ውሑስን ግዜ፣ እቲ ወናኒ መተግበሪ ኩባንያ ንሕማም ወይ ድሕነት ዝምልከት ጉዳያት ከም ዘቤታዊ ዓመጽ ዝኸፈል ዕረፍቲ ክህበኩም ይጠልብ። ኣብ ሲያትል ኣብ እትሰርሕሉ ነፍሲ ወከፍ 30 መዓልታት ሓደ መዓልቲ ዝኸፈል ናይ ሕማምን ውሑስን ግዜ ዕረፍቲ ትረኽቡ እዚ ድማ ኣብ ሲያትል ምስ ትሳፈሩሉን ወይ ትወርድሉን መዓልታት ዘጠቓልል እዩ።

ካብ ጥሪ 2025 ጀሚሩ እቲ ሳልሳይ ሕጊ፣ ናይ ኣብ መተግበሪ ዝተመርኮሰ ሰራሕተኛ ትእዛዝ መሰላት ምእላይ ተግባራዊ ክኸውን እዩ። እዚ ሕጊ'ዚ ካብተን ቀዳሞት ክልተ ንላዕሊ ንዝበዝሑ መተግበሪታት ዝምልከት'ዩ፣ ስለዚ ዋላ'ውን ኣብ ትሕቲ'ቶም ካልኦት ሕግታት ሽፋን ዘይረኽብኩም እንተኾንኩም፣ ናይ ምቁራጽ መሰል ክህልወኩም ይኽእል'ዩ።

ብመሰረት እዚ ሕጊ መብዛሕትኦን ኣብ መተግበሪ ዝተመርኮሳ ኩባንያታት ቅድሚ ነዓኹም ምቁራጽን (ነቲ መተግበሪ ንስራሕ ከይትጥቀሙሉ ምዕጋት ወይ ናብቲ መተግበሪ ምእታውኩም ምድራት) ብጽሑፍ ሓበሬታ ክህባኹም ኣለወን። ንዝተወሰኑ ምኽንያታት ምቁራጽ እውን ዘይሕጋዊ ይገብሮም።

እቲ ትካል ብጽሑፍ ክሕብረኩም ኣለዎ፡

- ኣየናት ሕግታት እንተተጣሒሶም እዩ እቲ ኩባንያ ናብቲ መተግበሪ ንኸይትኣትዉ ዝዓገተኩም ወይ ናብቲ መተግበሪ ትገብርዎ ምእታው ዝድርቶ
- ክትቋረጹ እንተኾይንኩም፡
  - ስለምንታይ ትቋረጹ ኣለኹም
  - እቲ ትካል ንዓኹም ንምቁራጽ ምርጫኡ ንምግባር እንታይ ሓበሬታ ተጠቒሙ (እቲ ኩባንያ ቅዳሕ ናይ ዝኾነ መዛግብቲ ክህበኩም ኣለዎ) **ከምኡውን**
  - ከመይ ጌርኩም ነቲ ምቁራጽ ክትብድህዎ ትኽእሉ

እቲ ኩባንያ ናብቲ መተግበሪ ምእታውኩም ቅድሚ ምቁራጹ ወይ ምድራት እንተወሓደ ቅድሚ 14 መዓልታት ብዛዕባ ምእላይኩም መጠንቀቕታ ክህበኩም ይግባእ። ግን፣ እቲ ትካል ንኣብነት ኣብ ልዕሊ ሓደ ዓሚል መጥቃዕቲ ፈጺምኩም ዝብል እንተኾይኑ፣ እቲ ኩባንያ ብኡንብኡ ካብ ስራሕ ክኣልየኩም ይኽእል እዩ። እቲ ትካል ብኡንብኡ ካብ ስራሕ ከቋርጸኩም ዝኽእለሉ ካልኦት ምኽንያታትውን ኣለዉ። እቲ ትካል ንምንታይ ካብ ስራሕ ትቋረጹ ከምዘለኹምን ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ነቲ ካብ ስራሕ ምቁራጽ ብኸመይ ከም እትብድህዎን ክነግረኩም ይግባእ። ነቲ ካብ ስራሕ ምቁራጽ እንተብዲህክሞ፣ እቲ ኩባንያ ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ንዝሃብክሞ ብድሆ ክምልሰሉ ወይ ንዝፍጠር ዝኾነ ምድንጓያት ክረድኣኩም ኣለዎ።

እቲ ኩባንያ ነዚ ሓበሬታ እንተዘይሂቡኩም፣ እቲ ቤት ጽሕፈት ክሕግዘኩም ይኽእል ድዩ ኣይክእልን ንምርኣይ ምስ ናይ ስያትል Office of Labor Standards ወይ OLS ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ካብ ስራሕ ምእላይ ንምብዳህ መስርሕ ናይቲ ኩባንያ ክትጥቀመሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ፣ እንተዘይኮይኑ ድማ ነቲ ካብ ስራሕ ምቁራጽ ናይ ምብዳህ መሰልኩም ክትስእኑ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ትካል ካብታ ንመጀመርታ ግዜ ካብ ስራሕ ትእለ ከምዘለኹም ዝሕብር ምልክታ ዕለት ዝረኸብኩሙላ ዕለት ጀሚሩ ነቲ ካብ ስራሕ ምቁራጽ ክትብድህዎ 90 መዓልታት ክህበኩም ኣለዎ።

እዚ ሕጊ እዚ ብዝተወሰኑ ምኽንያታት ንኣብነት፣ ንክንደይ ግዜ ክትሰርሑ ቁሩባት ከም ዝኾንኩም፣ ንዝተዋህበኩም ዕዮ ክትቕበልዎ ወይ ኣይፋል ክትብሉ ዝወሰድክሞ ውሳነ፣ ምስቲ ትካል ክትዛረቡ ምፍታን፣ ብዛዕባ ኩነታት ስራሕ ኣብቲ ትካል ምዝራብ፣ ሕጋዊ መሰላትኩም ምጥቃምን ካልእን ዘይሕጋዊ ይገብሮ። ንኣብነት፣ ብዙሓት ዕዮታት ብተኸታታሊ ክትቕበልዎም እንተዘይደሊኹም ክትቕበልዎም ስለ ዘይደለኹም ጥራይ እቲ ኩባንያ ካብ ስራሕ ክኣልየኩም የብሉን።

ካብ 1 ሰነ 2027 ጀሚሩ፣ OLS እቲ ኩባንያ ዝይፍቀድ ድዩ ጌሩ ዘይፍቀድ ንምፍላጥ፣ እቲ ኩባንያ ስለምንታይ ካብ ስራሕ ክትቋረጹ ንምግባር ዝተጠቐመሉ ምኽንያታት እውን ክዕዘብ ይኽእል። ቅድሚ 1 ሰነ 2027፣ OLS እቲ ትካል ንዓኹም ካብ ስራሕ ንምቁራጽ ቅኑዕ መስርሕ ተኸቲሉ ድዩ ወይ እቲ ኩባንያ መሰላትኩም ስለ ዝተጠቀምኩም ኣሉታዊ ስጉምቲ ወሲዱ እንተኾይኑ ንምፍላጥ ጥራይ እዩ ክምርምር ዝኽእል (ነዚ ሕነ ምፍዳይ ኢና ንብሎ)።

ሲያትል ብዛዕባ ምስ ናይ ምዝዋር-ምክፋል ኩባንያታት ምስራሕ ንጡፋት ሕግታት የብላን (ሰባት ክትወስዱን ከተውርዱን መኪና ክትጥቀሙ ከለኹም፣ ግን ካልእ ኣገልግሎት ዘይትህቡ ወይ ምብጻሕ ዘይትገብሩ ኣብ ዝኾንኩሙሉ እዋን)። ግዝኣት ዋሽንግተን ኣብ ናይ ምዝዋር-ምክፋል ስራሕ መሰል ዝህቡኹም ሕግታት ኣለዋ።

ሕቶ እንተሃልዩኩም ወይ እቲ እትሰርሑሉ ትካል ነዞም ሕግታት ከምዘይክተል እንተኣሚንኩም፣ ብስልኪ ቁጽሪ 206-256-5297 ብምድዋል ወይ ናብ **www.seattle.gov/laborstandards/investigations/file-a-complaint** ብምኻድ ምስ OLS ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

OLS ምትርጓምን ትርጉምን ከቕርብ ይኽእል። እቲ ኣገልግሎት ብነጻን ብሕታውን እዩ። እቲ ቤት ጽሕፈት ፈጺሙ ብዛዕባ ኩነታት ስደተኛ ኣይሓትትን።